# ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡

# መንፈሳዊ መንነታን ተልእኮኣን

**መባእታ፡**

መንነትን ተልእኮን: ንንሓድሕዱ ይገላለጽ እዩ። ግን፡ ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ካቶሊካዊት ቤተክርድትያን ኤርትራን ናይ ጥዕና ትካላታን ሕሙማትን ዝተፈጸመ ግፍዒ ከይኣክል፡ ዘደናግር ኣበህላን ሓሶትን’ውን ኪውስኹሉ ንዕዘብ ኣሎና። ክልተ ነገር ግን ኣሎ፤ ሓደሰብ፡ ናይ ሓደ ጉዳይ ኣፍልጦን ሓበሬታን ስለዝጎደሎ፡ ክጋገ፡ ሰብኣዊ እዩ። እንተ እቲ ንዕግርግርን ምድንጋርን፡ ተዓጢቑ ዝግዕር ግን፡ ክሳብ መዓልቱ ኣብዘለዎ እንተኹደደ’ውን ዘሰክፍ ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት’ዚ፡ እቲ ከምናይ ዓመታት መቕጸልታ ኮይኑ፡ ብ 12 ሰነ 2019 ዓ/ምፈ፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ሕዝቢ ኣገልግሎት ዘበርክታ ዝነበራ፡ ትካላት ካቶሊካዊ ቤተክርስትያን ኤርትራን ተኣለይቲ ሕሙማትን ዝተፈጸመ ድርብ ገበንን ጥሕሰት ሕግን፡ መሰረት ብምግባር፡ ብዛዕባ ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ መንነትን ተልእኮን፡ ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ እቲ ብሰብኣዊ ምዕብልና (integral human development) ዝግለጽ ተልእኮ፡ ገለ ሓጋዚ መብርሂ ከቕርብ ጽቡቕ እመስለኒ። እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ በዓልሥልጣን፡ “መንግስቲ” ኢልካ ክትጽውዖ መሰረትን ብቕዓትን ዘይብሉ’ኳ እንተኾነ፡ ስለቲ ክብረስምካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ግን፡ “መንግስቲ ኤርትራ” ክብል እየ።

1. መንነት ካቶሊካውዊት ቤተክርስትያን፡

ናይ ኤርትራ ካቶሊካዊት ቤትክርስትያን፡ 4ተ ሰበኻታት ወይ ኤጳርቅና ዘለዋ ቤተክርስትያን እያ፤ ንሳተን ከኣ፡ ሰበኻ ኣስመራ፡ ሰበኻ ከረን፡ ሰበኻ ባረንቱ፡ ሰበኻ ሰገነይቲ እያተን። ካብ 2015 ድማ እዛ ቤተክርስትያን እዚኣ፡ ምሉኣተ ጉባኤ ጳጳሳት ረኺባ፡ ደረጃኣ ኣበሪኻ፡ ብናይ ገዛእ-ርእሳ ጉባኤ ጳጳሳት ትምራሕ፡ ቤተ-ክርስትያን ኮነት። ግባኤ ጳጳሳት ኤርትራ፡ ብመራሕነት ሊቀ ጳጳስ ሰበኻ ኣስመራ ይምራሕ። በዚ መሰረት’ዚ፡ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ከምምሥራቓዊት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ምሉእ ሕጋዊ ስማ ‘ናይ ገዛእ ርእሳ (መንነታ) ሕጋዊ ኣቃውማዘለዋ፡ ቤተክርስትያን ኤርትራ (Metropolitan Church *sui iuris* Eritrean)[1] ተባሂላ ትጽዋዕ፤ ብመራሕነት ካቶሊካውያን ኣቡናታን ሕገ-ቆነናኣን፡ እትምራሕ ቤተክርስትያን (autonomous Church)፡ ናጻን ዘይፖለቲካዊትን መንፈሳዊትን ማሕበር እያ፤ ከም ኤርትራውያን ዜጋታት ከኣ፡ ንሃገራዊ ሕግን ፖሊቲዊ ሥልጣንን፡

[1] *እዚ ብላቲን sui iuris ዝብል ሕጋዊ ቃል ቛንቛ ኮይኑ፡ ትርጉሙ “of its own right - ማለት ናይ ገዛእ ርእስኻ ሕጋዊ ኣቃውማምውናን” ማለት እዩ።*

ንሃገራዊ ማሕልን ግቡእን መንነትን እትእዘዝን እትሕሉን እተኽብርን፡ ከም ኩሉን ሃይማኖታት፡ ኤርትራዊት እያ።

ካልእ ተወሳኺ ገላጺ ባህሪ’ውን ኣለዋ። ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን፡ ናይተን ኣብ ዓለም ካብዘለዋ፡ ብዙሓት ኣብያተ ክርስትያናት፡ ብሕብረት ዝቖማ፡ ሓንቲ ቤተክርስትያን’ውን እያ። እዛ ናይ ገዛእ-ርእሳ ምልኣተ ምሕደራ ወኒና ትርከብ፡ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ካብተን ነናተን ስምን ታሪኽን፡ ሓደ ሓባራዊ ሕገ-ቆነናን ተመሳሳሊ ሥርዓተ-ኣምልኾን ዘለወን፡ 23 ፍሉያት ምስራቓውያን ካቶሊካውያን ኣብያተ-ክርስትያናት (Particular Oriental Catholic Churches) ተባሂለን ዝጽውዓ፡ ሓንቲ እያ። ምስታ ሓንትን ዝዓበየትን ምዕራባዊት (ላቲናዊት) ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን (Latin Catholic Church) ተጠቓሊለን ከኣ፡ ሓንቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን የቑማ፡ እዚ ማለት፡ እዘን ዝተፈላለያ ታሪኽን ስምን፡ ሕገ-ቆነናን ሥርዓተ-ኣምልኾን ዘለወን፡ 24 ካቶሊካውያን ኣብያተ-ክርትስትያናት፡ ናይ እምነት ወይ ሃይማኖት ምሉእ ሕብረት (full communion) ኣለወን፤ ብሥልጣን ቅድስቲ መንበር ሮማ ወይ ብርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዝኾነ ጳጳስ ሮማን፡ ብ7ተ ምስጢራትን፡ ካልእ ምስዚኣተን ዝተተሓሓዘ ጉዳያትን፡ ኩላተን ይኣምና። ብዝተረፈ፡ ብኻልእ ጉዳያት፡ ነናተን ታሪኽን ባህልን ሥርዓተ-ኣምልኾን፡ ትምህርተ-ማለኮታውን መንፈሳውን መንነት ወይ ልምድታትን ዓቂበን፡ ብናይ ገዛእ ርእሰን ጳጳሳት እናተመሓደራ፤ ከምሓንቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ብሕብረተን፡ ማለት፡ ሕብረት ምስቲ ዘለካ ፍሉይ መንነትን ስርዓትን (unity in diversity) ብዝብል ትርጉምይግለጸ።

ሃይማኖት፡ ብዛዕባ እምነትን መንፈሳዊ ሕይወትን እዩ ዝግደስ። ብዕላማኡን ኣቃውማኡን ድማ ካብ መንግስቲ ወይ ፖሊቲካዊ ማሕበር ይፍለ። እቲ ዕላማ ከምዚ ዝበልክዎ ኮይኑ፡ ንኣቃውማ ዝምልከት ግን፡ ቅድስቲ መንበር (እቲ ናይ ዓለምለኻዊ ካቶሊካዊት ቤተክርስያን መንፈሳዊ በዓልሥልጣን)፡ ሓደ ካብተን ናይ ዓለምና ሃይማኖታት ወይ ኣብያተ ክርስትያናት፡ ፍልይ ዝበለ ባህሪ ኣለዋ። እዚ ማለት፡ እቲ ሕጋዊ ኣቃውማን ናይ ቅድስቲ መንበር (Holy See)፡ ኣብ ማሕበረሰብ-ዓለም፡ ሃገር ዘይክነሳ፡ ከም ሃገር (sovereign state) ትፍለጠሉ፡ ብዓለምለኻዊ ሕጊ (international law) ፍሉይ ማሕልን ግቡኣትን ኣለዋ፤ በዚ ማሰረት እዚ፡ ዓለምለካዊ ውዑላት ትፍጽም፤ በቲ መንፈሳዊ ግራታ ምስ ፖሊቲካዊ ዓለምንምስራሕ፡ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ትተክል፤ ኣብ ገለ ትካላት ሕቡራት ሃገራት’ውን፡ ብኣባልነት ትስራዕ። ብርግጽ፡ እዚ ፍሉይ ሕጋዊ ባህሪ ናይ ምውናን ማሕል፡ ብማሰረቱ ካብቲ ዝነበራ ሕሉፍ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይ ማእከላይ ዘመን፡ ዝመጻ እዩ። ግን ካቶሊካዊ ቤተክርስትያን፡ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ዝነበራ ምስልን ፖሊቲካን ሃይማኖትን ዘጠቓልል ቅርጽን፡ እቲ ካብ 20 ክ.ዘ. ንነጀው ዘለዋ ኣቃውማን፡ በበይኑ

እዩ። ንኣብነት፡ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ንኣሜሪት ዘመናት ዝነበረን፡ ናይቶምኣብ ምሉእ ዓለምዘለዉ፡ ሕብረት ዘለዎም ናይ ኣማንያን ማሕበር እኳ እንተኾነት፡ ቫቲካን (ወይ ሃገር-ቫቲካን) እትብሃል ግን፡ ብ1929፡ ብውዕሊ "ላተራን" ዝፍለጥ ዝተፈጥረት፤ ቦታ ወይ ከተማ ናይ መራሒ ካቶሊካዊት ቤተክርትስያት (ቅ. መንበር) እያ። እቲ ኣገዳሲ መንፈሳዊ ስርሓት ከኣ፡ በዛ ኣብ ከተማቫቲካን ዘላ፡ ብቅድስቲ መንበር ይፍጸም። ከምዚ፡ እቲ ንቅድስቲ መንበር፡ ከም ሃገር ንክትፍለጥ ዘለዋ ፍሉይ ዓለምለኻዊ ሕጋዊ ባህሪ ወይ ማሰል፡ ካብቲ ዘለዋ ዓለምለኻዊ **'መንፈሳዊ' ሥልጣን** ዝምንጩ ናይ ርእሰ-ኣቃውማ (International legal and moral person) ሕጋዊ መንነት እዩ። ብቋንቋ እንግሊዝ፡ "a *sui generis* non-State international legal person which borrows its personality from its 'spiritual sovereignty' as the center of the Catholic Church" ተባሂላ ትግለጽ።

እምበኣር፡ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ናይ ኤርትራውያን ካቶሊካውያን መንፈሳዊት ማሕበር'ያ፤ ኩሉ ዕላማታታን ተልእኮኣን ከኣ፡ ንናይ ወዲሰብ መንፈሳውን ሞራላውን (ማሕበራዊን) ምሉኣተ ሕይወት ድሕነትን፡ ብሓላፍነት ንምዕሳይ ትሰርሕን ትህሉን። በዚ መንፈሳዊ ባህሪ'ዚ ድማ ብመእከልነት ሥልጣን ቅድሲ መንበር፡ ምስቶም ኣብ ዓለም ምሉእ ዘለዉ ካቶሊካውያን፡ ሃይማኖታዊ (መንፈሳዊ) ሕብረት ይህልዋ። ሕብረታ ከኣ ብተሳትፎ ኤርትራውያን ኣቡናት (ጳጳሳት) ይትግበር።

## 2. ተልእኮ ቤተክርስትያን፡

ቤተክርስትያን፡ ከምቲ ስማ ናይ ተኸተልቲ ክርስቶስ ማሕበር ማለት ስለዝኾነ፡ መንፈሳዊት ማሕኅበር እያ። እቲ ተልእኮኣ ከኣ ብመሰረቱ ማእኮታዊ ተልእኮ ስለዝኾነ፡ ንመንሳዊ ወይ ወንጌላዊ ዕላማ ዝቖመ ግን ንመንፈሳውን ምድራውን (መንፈሳዊን ሥጋውን) ሕይወት ወዲ ሰብ፡ ብምሉኣት ንምግልጋል ትሰርሕ። እዚ ሓደ መንፈሳዊ ተልእኮ'ዚ፡ ብ3ተ ክፍልታት ይግለጽ፡ -

ሀ) ወንጌእል ወይ ቃል ኣምላኽ ምስባኽ (proclaiming the word of God);
ለ) ምስጢራት ምዕዳል (Celebrating the Sacraments);
ሐ) ናይ ፍቅሪ ስራሕን ሕንጸተ-ሰብን ምትግባር (Exercising charity & faith in action = integral human development);

ቤተክርስትያን፡ ነዘን 3ተ ክፍሊ ስርሓት ወይ ሓላፍነት፡ ከም ማእኮታዊ ወንጌላዊ ትእዛዝ፡ ኣጥሚራ ንምትግባር ትጽዕር። እዘን ኣብ ዝሓለፈ 12 ሰነ 2019፡ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝተዓሸጋ፡ ትካላት ጥዕና ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ እምበኣር፡ ኣብታ 3ይቲ ክፍሊ ተልእኮ ቤተክርስትያን፡ ማለት፡ ኣብ "ናይ ፍቅሪ ስራሕን ሕንጸተ-ሰብን ምትግባር"

(Exercising the ministry of charity, justice, love = integral human development) ዝስርዓ፡ ሐደ ካብ ወንጌላዊ ተልእኮን፡ ብግብረ ገብነታዊ ሜዛን ዝሰርሓ እያተን። ምኽንያቱ፡ እምነት ብቃል፡ ብጥዑም ሜላሓስ፡ ጥራይ ዝስበኽ ኣይኮነን፡ ብዝበለጸ’ኳ ድኣ፡ እምነት ብግብሪ፡ ብፍቕሪ (faith in action) እዩ ዝፍጸም ወይ ዝስበኽ (ማቴ. 25 ርአ)። ማሰረት’ዚ 3ይ ክፍሊ ተልእኮ ቤተክርስትያን (ሰብኣዊ ምዕባለ)፡ ከኣ እቲ፡ “ንኽብሪ ሰብን ሰብኣውነትን፡ ምክንኻንን ምሕናጽን” ዝብል፡ ብቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ሞርሕ ወይ መትከል ማሕበራዊ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን እዩ። እዚ ማለት፡ “እቲ ኣምሳል እግዚኣብሔር ዝኾነ ክቡር ሰብ፡ ብሕማም ኮነ ብድኽነት ወይ ብድንቁርና፡ ክሳቐ ኣይግባእን፡ ካብዚ ክድሕን፡ ሓራ ኪኸውን ኣለዎ” ቢላ ስለትኣምን፡ ዓሌትን ሃይማኖትን ጾታን ከይፈለየት እትህቦ ኣገልግሎት ወዲ ሰብ እዩ። እዚ ሰብኣዊ መንፈሳዊ ስራሕ’ዚ፡ ካብ መዓለ-ሕጻናት ጀሚሩ፡ ክሳብ ላዕላዋይ ዓውደ ትምህርትን (ዩኒቨርሲቲ) ከምኡ ት/ተ ተግባረ-እድን ኣገልግሎት ኣብያተ-ሕክምናን የጠቓልል። እንተ መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ ኣይኮነን ነዘን ዝወረሰን ከማሓድርስ፡ እተን ኣብ ኣብ ኢዱ ዘለዋ’ኳ፡ ኣብ ከመይ መዲቐን ከምዘለዋ፡ ንርእየን ኣሎና። ‘ስለምንታይ ድኣ ከምዚ ተገብረ?’ እንተ ኢልካ፡ ሜላሱን ምርካብ ዘጸግምኣይኮነን።

### 3. **ኣቕዋምካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ መንግሥታዊ ኣዋጅ ቁ. 73/1995**

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 1995 ዓ/ምፈ፡ “**<u>ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብሕጊ ንምንጻርን ንምሥራዕን ዝወጸ ኣዋጅ፡ ቁጽሪ</u>** <u>73/1995</u>” ዝብል ኣዋጅ፡ ኣውጺኡ ነበረ። ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ንትሕዝቶ’ቲ መንግሥቲ ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ኣብ 6ተ ነጥብታት ኣጠቓሊላ፡ ኣቅዋማ ገሊጻን ንሙብርሂ ንዘድልዮ፡ ሙብርሂ፡ ንገሊኡ’ውን፡ ብዘየወላውን ቃል፡ ብጽሑፍ ሜላሲ ሂባትሉን እያ።[2] እቶም ነቕዋም ቤተክርስትያን ንምግላጽ ዝተጻ ሕፉ፡ ኣጠቓለለቲ ኣርእስታት፡ እዞምዝስዕቡእዮም፦

1. ናይሃይማኖትን ፖሊቲካን ምፍልላይ፤
2. መንግሥትን ሃይማኖትን፡ ብወገን ሞራል ክተሓጋገዙ ከምዝግባእ፤
3. ምስዳዕ ክልኩል ከምዝኾነ፤
4. ሰብኣዊ ምዕብልና፤
5. ሃይማኖታት፡ ካብናይ ወጻኢ ተቕዋማት ጸግዒ ወጺአን፡ ብርእሰን ክማሓደራ
6. ብኤኮኖሚዝሙጽእ፡ ርእስኻ ምኽኣል።

---

[2] ንምሉእ ትሕዝቶ እቲ መግለጺ፡ “ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ: *‘መንገድታቱ ኣቕንዑ’* (Making God’s Ways Straight)፡ ሓዋርያዊ ሜላእኽታትን ሰነዳትን (1991-2007), EMI, 2008፡ ገጽ 53፤ ወይ ሙጽሔት ብርሃን፡ ሓምለ 1993 ዓ/ምግ፡ ቁ. 9(605) ተሜላከት።

ካብቲካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ንትሕዝቶ ኣዋጅ መንግሥቲ ኤርትራ ኣሜሊኪታ ዝሃበቶ ሜሊሲ፡ ገለ ክፋሉ እንሆ። ናይ ሃይማኖትን ፖሊቲካን ምፍልላይ፡ ቤተርስትያን፡ ካብ 20 ክ.ዘ. ንደሓር፡ ብግልጺ እንትሰርሓሉ መትከል ከምዝኾነ ን፤ መንነታን ዕላማኣን ድማ ማሎኮታዊ ማሕረት ዘለዎ፡ ናይ ባዕላ ሕጋዊ ኣቃውማ ሒዛ ትኸይድ፡ ዘይፖሊቲካዊት ማሕበር ከምዝኾነ ት ገሊጻ። ብዝያዳ ድማ መንግሥትን ሃይማኖትን (ቤትክርስትያንን) ገግራተን ድኣ ይሃልወን እምበር፡ ክልቲኣተን ንሓደ ሕዝቢ (ዜጋ ወይ ሰብ) ኣገልግሎት ፈጸምቲ ስለዝኾና፡ ሰብ ብምድራውን ሰማያውን (መንፈሳውን) ሕይወቱ ምሉኣት ንኽረክብ፡ ተደጋጊፍካ ምስራሕ ሠናይ ከምዝኾነ፡ ቤተክ/ያን ኣብሪሃ። ብተወሳኺ፡ ቤተክርስትያን፡ እቲ ማሕበራዊ ስራሓን ዕላማኣን፡ ኣካል ናይቲ ወንጌላዊ ወይ መንፈሳዊ ጉስነት ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ካብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዘሰክፍን ዘስግእን ምኽንያት ከምዘይብሉ፡ ኣብሪሃ። ምስዳዕ'ውን ፍጹም ቅቡል ከምዘይኮነ ን፡ ብመትከል ከምትነጽጎ ን፤ ኣብ ኣሰራርሓ ዝርከብ ናይ ሰባት ድኽመት ወይ ጉድለት ምስ ዘጋጥም ድማ ንምእራሙ ንዘተን ቅርብቲ ከምዝኾነትን ሓቢራ። ዕላማ ሰብኣዊ ምዕብልና እውን፡ ሓደ ኣካል እቲ ሓዋርያዊ ተልኮኣ ከምዝኾነ ን፡ እዚ ድማ ብቐንዱ ኣምላኻዊ ትእዛዝን (ማቴ፡ 25) ከምዝኾነ ን፡ ብሰፊሕ ኣብሪሃ።

ኣብቲ፡ 'ካብ ናይ ወጻኢ ተቐዋማት ጸግዒ ወጺእካ፡ ብርእስኻ ምምሕዳር' ዝብል ክፍሊ ኣዋጅ'ውን፡ ነቲ መንግስቲ ብገርህነት ይኹን ብጉርሒ ዘቕረቦ፡ ንካቶሊካዊ ምንቕስቓስ ዝሓላልኽ ኣበሃህላ፡ ቤተክርስትያን ንዘለዋ ኣቕዋምኡ ብኸምዚ ገሊጻቶ፡ "ኣብ ኤርትራ ዘላ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ንዝኾነ ይኹን መንግስታዊ ወይ ድማ ፖሊቲካዊ ምንቅስቓስ ከምዘይትውክል፣ ከምዘይትተኣሳሰር፣ ናጽነትን ገለልትነትን ዝኣተንኡ ማዳ ሒዛ ከምትኸይድን፣ ንኸምዚ ዝበለ ኣገባባት፡ ቦታ ከምዘይትህቦን፡" ኣድቂቓ ገሊጻ። በቲ ኻልእ ድማ ከምቲ ልዒሉ ዝተገልጸ፡ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ብባህራን ብመንነታን፡ ዓለምለኻዊት (international) ብምዃና፡ እዛ ኣብ ኤርትራ ዘላ፡ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ድማ ምስታ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘላ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ርክብ ጥራይ ዘይኮነ ስ፡ ሓድነት'ውን ኣለዋ። እዚ ርክብ እዚ ግን፡ ብሓባራዊ ምትሕግጋዝን ብሓልዮ-ሓድሕድን ዝግለጽ፡ ገሊኡ'ውን ከም ምጽወታ ዘይኮነ ስ ከም ናይ ኩላ ቤተክርስትያን ንብረት ካብ ዝኾነ፡ ሓባራዊ ማዕከን ወጺኡ፡ ከከም ኣድላይነቱን ግድነቱን፡ ንኹሉ ካቶሊክ ዝዕደል፤ ናይ ግቡእን ማሕልን ብጽሒት እዩ። እዚ ርክብን ምትሕግጋዝን እዚ ግን፡ ብኹልንትናኡ መንፈሳዊ ሜልክዕ እምበር፡ ፖሊቲካዊ ባህሪ ዘለዎ ኣይኮነ ን። ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ንናይ ሕዝብታት ሃገራዊ መንነት ኮነ ፖሊቲካዊ ናጽነትን ማሕልን ትሕሉን ተኸብርን። ነቲ 'ብኤሮኖሚ ርእስኻ ምኽኣል' ዝብል ክፍሊ ኣዋጅ ድማ ብመትከል፡ ከም ትኣምኖ ሉን

እትደልዮን ድኣ ይኹን እምበር፡ ብግሪስ፡ ምስቲ ዘሎ፡ ኤኮኖሚያዊ ዓቕሚ ሃገርናን ቁጽሪ ኣመንትን፡ ጽንኩር ምዃኑ፡ ኣብሪሃ።

**መደምደምታ፡**

ኣብ ኤርትራ፡ ነዘን ዝሓለፋ 20 ዓመታት እንተሞርሞርናየን፡ ነፍሲ ወከፍ ዕለት፡ ዕለተ ድኽነት ዕለተ ስደት፡ ዕለተ ሞት ዝዓዘዘንን፤ ጩፍ ምዕባለን ሰላምን ዝበኾረንን ዕለታት ምንባረን፡ ግሁድ እዩ። እቲ መሠረታዊ ምኽንያት ናይ እዚ ድማ ገዛእ ርእስኻን ኣካይዳኻን ምስሓት ወይ ዘይምፍላጥ፤ ንሞራሕነታዊ ሃገራዊ ኣከያይዳናን ፕሮግራምናን፡ በተን ንሕንጸት ጥዑይ ሰብን ሕ/ሰብን ቅኑዕ ምዕብልናን መሰረት ዝኾና፡ ሓቅን ፍትሕን ናጽነትን ምትሕልላይን (ፍቕርን)፡ ብቀንዱ ድማ ምኽባር መሰረታዊ መሰል ሰብን (ዜጋን)፡ ዓንዲ ማእከል ሃገርን ሕዝብን ጌርና፡ ነንህድ ሕድና ጽን እናተባሃልናን ቅኑዕ ገምጋም እናገበርናን፡ ክንነብርን ክንጉዓዝን ከነማሓድርን ስለ ዘይበቓዕና ጥራይ እዩ፡ ክብል እኽእል። እቲ ኣገዳስን ኣብ ምዕራይ ወይ ምድሓን'ዚ ሃገራዊ ዕንወት'ዚ ዝበኾረ ግደ፡ ሕጂ'ውን ጌና በኺሩ ዘሎ ግን፡ ተራ ሞራሕቲ ሃይማኖትን፡ ምሁራትን ዓበይቲ ዓድን ኤርትራውያን እዩ። ብኣንጻሩ እኳድኣ ብዙሓት ምሁራትን ሞራሕቲ ሃይማኖታትን፡ ነዚ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናተጋህደ ዝመጸ ሕዝባዊ ሃገራዊ ዕንወት፡ ብስቕታን ብኣሉታዊ ተግባርን፡ ብዙሕ ሓገዝ ለጊስናን ጌና ንልግስ ኣሎናን እንተበልኩ፡ ታሪኽ እዩ ፈራድየይ።

ኣብ ሃገር ንበይንኻ ኣይንበርን፤ በበይንኻ ዝግበር'ውን፡ ዓወቱ ኣዕጋቢ ኣይከውንን። ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ከም ሃይማኖታዊ ተቕዋም፡ ብዘይ ምግናን፡ ጊደኣ ካብ ምግባር ኣይዓረፈትን። **"ኣቦ ምኽር ኹም ሃቡና"** ዝብል ውሉዳት ድኣ ኣይተረኽበን'ምበር፡ ካቶሊካዊት ቤተክ/ያን፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ሃገርና ጀሚራ፡ ሃገራዊ ግቡኣ ፍቕራን ገሊጻ እያ። ኤርትራውያን ካቶሊካውያን ጳጳሳት፡ ብጸሎትን ኣስተንትኖን ስነፍልጠትን እተሰነየ፡ ነናይእዋኡ ኩነታት ሕዝብና ዘንበበን፡ ብቑዕ ግንዛቤን ኣገዳስነትን ዘለዎ (by reading the sign of our time through prayer, meditation, deep study and consultation) ዝተሰነየ፡ ንህሉው ሃገራዊ ሕይወትና ኣዝዩ ቅርበት ዘለዎ፡ ኣገዳሲ ኣባታውን ሞራላውን ሃገራውን ምኽሮም፡ በብእዋኑ፡ ብሜልክዕ ሓዋርያዊ መልእክታት ብምጽሓፍ፡ ለጊሶምእያቶም ፡ ብፍላይ እታ ኣብ ፈለማ እዋን ናጽነት ኤርትራ ዘውጽእዋ፡ " ሰላምን ምዕብልናን፡ ብዝተሓደሰ መንፈስ፡ ንሓዳስ ኤርትራ" እትብል ሓዋርያዊት መልእኽቲ፡ ብግቡእ ተረዲእና እንተ ንትግብራን ኣጀማምራና እንተነጸብቕን፡ ብርግጽ ሎሚ ኣብዚ ኣይምወደቕናን። እዛ መልእኽቲ'ዚኣ፡ ካብ ታሪኽ ገድልን ኩናት-ሓድሕድን፡ ናይ ሰውራ ጨካን ባህልን መጻኢ ዕድል ዲሞክራስን፡ ኣገናዚባ፡ ከምስምዕታ ወይ ምሕጽንታ፡ "... ካብ ታሪኽ ተማሂርና፡ ንዘይተዛዘመ ጉዕዞና ብግቡእ

ክንዛዝምእንድሕሪ ኮይና፣ እቲ ናይግድን ዘድልየና ሃገራዊ ዕርቂ ክንፍጽም እንድሕሪኮይና፣ ቅኑዕን ብቑዕን ምዕብልና ክንሃንጽ እንድሕሪ ንደሊ ኮይና፣ … ቅድሚ ኩሉ፡ ሃገር ብሥነ-ምግባራውን ሞራላውን መንፈሳውን ኣገባብ፡ ከምብሓዲሽ ክትሕነጽን ፈጺማ ክትሕደስን ከምዝድልያ ግልጺ እዩ” ኢላ ነበረት። ዝተገብረ ፍረ ኣይተረኣየለን፤ ብኣንጻሩ እኳድኣ፡ ሓደ ካብቲ ንመንግስቲ፡ ምስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዘለዎ፡ ብዙሕ ግሁድን ዘይግሁድን ምትህልላኽ፡ ከምኡ እዚ ናይ ትማሊ፡ ሕዝቢ ዝናበየሉ፡ ካቶሊካውያን ኣብያተ ሕክምናታት ምውራስ፡ ካብዚታት ዝነቐለ ኪኸውን ይኽእል።

27 ሰነ 2019 - **ዶ/ር ክብርኣብ ይሥሓቕ** (ለንደን)